# መማረፅታት ኣንፈት መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ

ብጉጅለ ሰብ ሞያ ስራሕ መሰጋገሪ ፍትሒ ዝቐረበ

፳፻፲፭

(2015) ኣ.ግ.


ትርጉም፦ **ለኣከ መኮነን ተስፋይ**

መካነ ኣእምሮ (ዩኒቨርሲቲ) ኣኽሱም

ኢ-መልእኽቲ- **happyleake@gmail.com**

**ወንድም ምዕሾ ኣብርሃ**

መካነ ኣእምሮ (ዩኒቨርሲቲ) ኣኽሱም

ኢ-መልእኽቲ: welentana@gmail.com


የሽግግር ፍትህ

TRANSITIONAL JUSTICE

# ትሕዝቶ ገለፃ

1 ኣድላይነት መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ

2 ባእታታት/ስልትታት መሰጋገሪ ፍትሒ

- ሀ ክሲ
- ለ ሓቂ ምእላሽን ዕላዊ ምግባርን
- ሐ ዕርቂ
- መ ምሕረት
- ረ መትከሊ እግሪ
- ሰ ትካላዊ ተሓድሶ (ምዕረያ)

3 ካልኦት ውሳነ ዝጠልቡ ዋኒናት

1

# ኣድላይነት መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ

ኣድላይነት

- እቲ ሃገራዊ ዓውዲ ዝተማልአ መሰጋገሪ ፍትሒ ዝጠልብ ምዃኑ
- ንህንፀትን ቀፃልነትን ዓዲ ዘለዎ ፋይዳ
- ንምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ምርግጋፅ ልዕልና ሕግን

2

## ባእታታት/ስልትታት መሰጋገሪ ፍትሒ

ሀ

### ክሲ፡ ኣየኖት ዋኒናት ይከሰሱ?

**መማረፂ ሓደ፡**

ኣብ ግኑናት ዝኾኑ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ወይ ከበድቲ ገበናት ዝተኮረ ክይዲ ክሲ ገበን ምክያድ

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ካልኦት ስልትታት መሰጋገሪ ፍትሒ ስግግር ተግባራዊ ክኾኑ ዕድል ይህብ
- ዝተቓላጠፈን ዝተሳለጠን ክይዲ ምውሃብ ፍትሒ ክህሉ የኽእል
- ግነትን ዓይነትን እቶም ጥሕሰታት መሰረት ገይሩ ክፍፀም ኣበርክቶ ይገብር
- ኣካል ምፍፃም ዓድታት ናይ ዘለወን ግቡእ ምኽሳስ ገበነኛታት ብምኳኑ

**ስግኣታት**

- ብትኽክል ምፅራይ ብምክያድ መርትዖ ንምርካብ ፀገም ክኀንፍ ይኽእል እዩ
- ናይቲ ዝተፈፀመ ተግባር ስፍሓት፣ እንታይነትን ግነትን ብዝተማልአ መልክዕ ኣየርእን
- ክፍተት ነዞም ገበናት እዚኦም ክቐፅዕ ዝኽእል መስርሕ ሕጊ

# ኣየኖት ዋኒናት ይከሰሱ?

**መማረፂ ክልተ፡**

**ንኹሎም ዓይነታት ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝሓቑፈ ከይዲ ክሲ ገበን ምክያድ**

**ጥንክራት ጉንታት**

- ኣብ ልዕሊ ኩሎም ፈፀምቲ ገበን ተሓታትነት ክረጋገፅ ይገብር
- ድሌት ፍትሒ ግዳያት ብዝሓሸ መልክዑ ከርዊ ይኽእል እዩ
- ኣብ መንጎ ጥሕሰታት ምብልላፅ ከይህሉን ገበናት ዳግማይ ከይፍፀሙን

**ስግኣታት**

- ካልኦት ስልታትት መሰጋገሪ ፍትሒ ከይትግበሩ ይገብር
- ምሕረት ከምመማረፂ መምሰጋገሪ ፍትሒ ተግባራዊ ናይ ምኻን ዕድሉ ኣፀቢቡ ንስራሕ ምውፃእ ሓቂ ከቢድ ይገብሮ
- እቲ መሰጋገሪ ፍትሒ ክሸከሞ ልዕሊ ዝኽእል ክኸውን ይኽእል እዩ
- ፅዕንቶ ሸኽሚ ስራሕ ኣብያተ ፍርዲ ዘብዝሕን ልዑል ሃፍቲ ዝሓትትን ምኻኑ
- ብመንፅር በዝሒ ዋኒናት ኣብ ሓፂር እዋን ዕልባት ምሃብ ዘይከኣል ብምኻኑ በቲ ከይዲ ናይ ምስልቻውን ዘይምርዋይን ስግኣት

# ኣብ ልዕሊ ኣየኖት ፈፀምቲ ገበናት ክሲ ይምስረት?

መማረፂ ሓደ፡

ልዑል ብርኪ ተሳትፎን ተሓታትነትን ኣብ ዘለዎም ፈፀምቲ ገበን

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ስራሕቲ ምፅራይን ክስን ኣብ ዘሰርሑ ኣካላት ልዑል ፃዕቒ ስራሕ ንኸይህሉ ይሕግዝ።
- ኣብቲ ተግባር ገበን ቀንዲ ተዋሳእቲ ዘይኮኑ ሰባት ብዝምልከት ካልኦት መማረፅታት መሰጋገሪ ፍትሒ ንኽትግበሩ፣
- ፀቒጢ ስራሕ ኣብያተ ፍርዲ ብምቕናስ ውሱን ሃፍቲ ዓዲ ንፈፀምቲ ከበድቲ ጥሕሰታት ክውዕሉ፣
- ንላዕለዎት ተጠርጠርቲ ብዘይኣፈላላይ ብምኽሳስ እቲ ስግግር/ምስግጋር ተሓታትነት መሰረት ዘገበረ ክኸውን ይገብር።

**ስግኣታት**

- ኣብ ውልቀ ግዳያትን ኣብቲ ማሕበረሰብን ቁርታ ክፈጥር ይኽእል እዩ
- ሓደ ሓደ ፈፀመቲ ገበን ደጊሞም ገበን ክፍፅሙ ከበረታትዕ ይኽእል እዩ
- ኣፈፃፅምኡ ንዳልዋን ግቡእ ንዘይኮነ ኣሰራርሓን በሪ ከኸፍት ይኽእል እዩ

# ኣብ ልዕሊ ኣየኖት ፈፀምቲ ገበናት ክሲ ይምስረት?

**መማረፂ ክልተ፡**

ክይዲ ክሲ ገበን ኣብ ዝኾኑ ብርክታት ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ወይ ገበናት ዝተሳተፉ ሰባት ሓቑፉ ዝካየደሉ መማረፂ

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ኣብ ልዕሊ እቲ ክይዲ ቁርታታት ክይለዓሉ ይገብር
- ድሌት ፍትሒ ግዳያት ብዝሓሸ መልክዑ ክማላእ ዕድል ይህብ

**ስግኣታት**

- ካብ ክሲ ወፃእ ንዘለዉ ስልትታት መሰጋገሪ ፍትሒ ትኹረት ክይወሃብ ይገብር
- ካብ ምብዝሖ ዝተላዕለ
    - ክይዲ ክሲ እቲ መሰጋገሪ ፍትሒ ክሽከሞ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ክይኸውን የስግእ እዩ
    - ምዝባዕ ፍትሒ ክስዕብ ይኽእል እዩ

# ኣብ ክሲ ዝለዓሉ ትካላዊ ዋኒናት

## 1. ኣብያተ ፍርዲ ብዝምልከት

**መማረፂ ሓሳብ፡**

**ኣብ ማእኸላይን ላዕለዋይን ቤትፍርዲ ፍሉይ መጋባእያ ብምጥያሽ ኑቶም ክስታት ብምስማዕ ወሳነ ምውሃብ**

**ጥንኩራት ጐንታት**

- እቶም ስራሕቲ ብዘለዉ ትካላት ክፍፀሙ ስለዝገብር ሃፍቲ ይቑጥብ
- እቲ ዘሎ ዓቕሚ ሰብን ትካልን ንምጥቃም የኽእል
- ኣብ ኣብያተ ፍርድና ዘሎ ሕቶ ዘይሸራውነትን ዓቕምን ንምምላስ ዝሓሸ ናፅነት ዘለዎ መሓውርን ግቡእ ምፅራይ ብምግባር ዳያኑ ብምምዳብን ኣብ ቀፃሊ ኣብያተ ፍርዲ ንዝገብሩዎ ለውጢ ኣስተዋፅኦ ይህልዎ።

**ስግኣታት**

- እኹል ዝኾነ ለውጢ ናይ ዘይተገበረሎም ወይ ተገይሩሎም ተባሂሎም ናይ ዘይሕሰቡ ኣብያተ ፍርዲ መጋባእያታት ተጠቒምካ ነዞም ክስታት ምክያድ ኣብቲ ከይድን ኣብ ውፅኢቱን ሕቶ ተኣማንነትን ቅቡልነትን የልዕል እዩ
- ሕዚ ብዘለዎ ኩነታት ብመንፅር ሕልኽልኽን በዝሕን ውሱንነት ዓቕሚ ክህሉ ይኽእል እዩ

# ኣብያተ ፍርዲ ብዝምልከት

መማረፂ ክልተ፡

ፍሉይ ቤትፍርዲ ብምጥያሽ ነቶም ክስታት ብምስማዕ ወሳነ ምውሃብ

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ሓዱሽ ትካልን መሓውርን ብምፍጣር ዝሓሸ ቅቡልነትን ዘይሸራውነትን ዘለዎ ትካል ንኽህሉ ዕድል ይፈጥር
- ንሕልኽልኽ እቶም ገበናት ዝምጥን ዓቕሚ ዘለዎም ዳያኑ ንምምዳብን ነቶም ክስታት ብዝሓሸ ብቕዓት ንምትእንጋድ ይኽእል

**ስግኣታት**

- ፍሉያት መጋባእያታት ንምስያም ሕቶ ሕገ-መንግስታውነት ክለዓሎ ይኽእል እዩ
- ሓዱሽ ትካል ንምጥያሽ ሓይሊሰብን ኣድለይቲ እታዎታትን ንምምላእን ተመሳሰልቲ ተግባራት ንምፍፃምን ግዜ ዝወስድ ምኳኑ
- ዘላቕነት ዘለዎ ትካል ንምህናፅ ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ዝተሓተ እዩ

# ምፅራይን ክስን ብዝምልከት

መማረፂ ሓደ፧

ኣብ ውሽጢ እቲ ዘሎ ፖሊስን ዓቃብሕግን ግቡእ ምምማይ ብምኽያድ ፍሉይ ጉጅለ ምጥያሽ

## ጥንኩር ጐኒ

- እቶም ስራሕቲ ብዘለዉ ትካላት ክፍፀሙ ስለዝገብር ሃፍቲ ይቑጥብ
- እቲ ዘሎ ዓቕሚ ሰብን ትካልን ንምጥቃም የኽእል
- ከምዙይ ዓይነት ስራሕቲ ናይ ምስራሕ ልምዲ ቀፃልነት ክህሉ ብምግባር ንትካላዊ ህንፀት ኣበርክቶ ይገብር

## ስግኣታት

- እኹል ዝኾነ ለውጢ ናይ ዘይተገበረሎም ወይ ተገይሩሎም ተባሂሎም ናይ ዘይሕሰቡ ትካላት ፍትሒ ተጠቒምካ ነዞም ክስታት ምኽያድ ኣብቲ ከይድን ኣብ ውፅኢቱን ሕቶ ተኣማንነትን ቅቡልነትን የልዕል እዩ

# ምፅራይን ክስን ብዝምልከት

መማረፂ ክልተ፡

ካብቲ ሕዚ ዘሎ ቤትፅዮ ዓቃብሕጊ ወፃእ ካልእ ከይድታት ምፅራይን ክስን ዘተሓባብር ፍሉይ ትካል ዓቃብሕጊ ብምጥያሽ ሰብሞያ ፖሊስን ምፅራይን ምምዳብ

**ጥንኩር ጎኒ**

- ዝሓሸ ቅቡልነትን ዘይሸራውነትን ዘለዎ ትካል ክህሉ ዕድል ይፈጥር
- ስራሕ ምፅራይን ክስን ብሓደ ትካል ዝስራሕ ብምኳኑ/ኣሳልጦ
- ነቲ ትካል ፍሉይ ትኹረት /ኣድላዪ ድጋፍ ንምርካብ/ ዝሓሸ ዓቕሚ
- ምስቲ ትካል ብምትሕብባር ንኽሰርሑ የባራታትያም
- ዝሓሸ ዋንነትን ተሓታትነትን ይፈጥር

**ስግኣታት**

- ሓይሊ ሰብን ኣድለይቲ እታዎታትን ንምምላእ ግዜ ዝወስድ ምኳኑ
- ንምርመራ ይኹን ንኽሲ ሕዚ ካብ ዘለዉትካላት ወፃእ ብቕዓትን ልምድን ዘለዎም ሰብሞያ ንምርካብ ዘይምኽኣል
- ዘላቕነት ንዘለዎ ትካላዊ ህንፀት ዘለዎ ኣበርክቶ ዝነኣሰ እዩ
- መንግስቲ ነዚ ትካል ዘድልዩ ነገራት ንምምላእ ሓላፍነት ስለዝህልዎ ኣብ ውሱን ሃፍቲ ዓዲ ተወሳኺ ፅዕንቶ ምፍጣሩ

ለ

# ሓቂ ምፅራይን ዕላዊ ምግባርን

ኣብ ከይዲ ምውፃእ ሓቂ ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት እንታይ እንታይ እዮም?

ኣብ ከይዲ ምውፃእ ሓቂ ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት እንታይ እንታይ እዮም?

- ተሳትፎ ግዳያት ምርግጋፅ
- ፈፀምቲ ገበን ምስታፍ
- በደላት ምስናድ
- እቲ ዝተፃረየ ሓቂ ነቲ ማሕበረሰብ ምፍላጥ፣ ኣብ ከይዲ ምውፃእ ሓቂ በደላት ምስናድ ጥራሕ እንተይኮነ እቲ ዝተፃረየ ሓቂ ነቲ ማሕበረሰብ ምፍላጥን ንስቅያት ተበደልቲ ህዝባዊ ኣፍልጦ ምሃብን ከምዝኾነ ምርግጋፅ የድሊ።

# ከይዲ ምእላሽን ዕላዊ ምግባርን ሓቂ መን ይሰርሖ?

**መማረፂ ሓደ፣**

**ሓዱሽ**
**ብዝጣየሽ**
**ኮሚሽን**
**ምፅራይ ሓቂ**

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ኣብ ከይዲ መሰጋገሪ ፍትሒ ኮሚሽን ምጥያሽ ዓለምለኻዊ ተቐባልነት ዘለዎን ዝተለመደን ኣካይዳ እዩ፤ ብዝበለፀ ድማ ውፅኢታዊ ይገብሮ
- ብዘለዎም ናፅነትን ዘይሽራውነትን ኣብ ከይዲ ስራሕቶም እውን ማሕበረሰብ ዘሳትፍ ብምኳኑ ተኣማንነት ኣለዎም
- በቲ ዓውዲ ፍሉጣት ዝኾኑ ሰብሞያን ኣመራርሓን ኣካል እቲ ትካል ብምግባር እቲ ስራሕ ብፍልጠት ክምራሕ የኽእል
- ምውፃእ ሓቂ ኣብ ቅድመ-ኩነታት ተደሪኹ ንዝወሃብ ምሕረት ቅድመ-ኩነት ስለዝኾነ ናይ በደልትን ግዳያትን ተሰማዕነትን ተሳትፎን ምርግጋፅ፣ ምፅራይ፣ ምስናድን ዕላዊ ምግባርን ዝሓትት፣ ሰፋሕቲ መድረኻትን ቃል መቐበሊ መንገድታትን ምዝርጋሕ ዘድልዮ ሰፊሕ ስራሕ ብምኳኑ እቲ ስራሕ ንዑኡ ተባሂሉ ብዝተጣየሸ ኮሚሽን ምስርሑ ግቡእ እዩ

**ሰግኣታት**

- ብመንፅር ዘሎ ውሱን ሃፍቲ ዓዲ ልዑል ወፃኢ ዝሓትት እዩ
- ኮሚሽን ብምጥያሽ ነቶም ስራሕቲ ምስራሕ ተፈቲኑ ዘይተዓወተ ኣካይዳ ብምኳኑ ዳግማይ ተመሳሳሊ ትካል ንምጥያሽ ዝህሉዎ ዕድል ትሑት ምኳኑ

# ከይዲ ምእላሽን ዕላዊ ምግባርን ሓቂ መን ይሰርሖ?

**መማረፂ ክልተ፡**

ስራሕ ምውፃእ ሓቂ ብኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ወይ ኣብ ቀረባ ግዜ ብዝተጣየሸ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ምክያድ

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ሕዚ ዘለው ሃገራዊ ትካላት ብምጥቃም ዘሎ ወሱን ሃፍቲ ዓዲ ይቑጥብ
- ዓቕሚ ትካላት ይሃንፅ

**ስግኣታት**

- ካብ ዘለዎም ልዑል ፃዕቒ ስራሕ ዝተላዕለ ሰፊሕ ስራሕ ምውፃእ ሓቂ ብውፅኢታውነት ዘይክፍፅሙዎ ይኽእሉ እዮም
- ብፍላይ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ሃገራዊ ትካል ሰብኣዊ መሰል ስለዝኾነ ኣብ ናይ ቁፅፅርን ክትትልን ስራሕቱ ፅዕንቶ ከሕድረሉ ይኽእል እዩ፤ ዓለምለኻዊ ተመኩሮ ከምዘርእዮ ከምዙይ ዝኣመሰሉ ትካላት ኣብቲ ከይዲ ቀጥታ ተሳተፍቲ ክኾኑ ኣይምረፁን
- ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ ሓቂ ንምፅራይ ክስራሕ ዝግብኦ ሕልኽላኽ ተግባርን ክኽተሎ ዝግብኦ ኣሳታፋይ ከይድን ተኸቲሎም ንምስርሕ ዘኽእል ዓቕሚ የብሎምን
- ካብቶም ትካላት ወፃእ ዘለዉ ኣብቲ ዓውዲ ፍልጦ ዘለዎም ሰብሞያን ኣመራርሓታትን ኣብቲ ከይዲ ንምጥቃም ዕድል ኣይህብን

ሐ

# ዕርቂ

ዕርቂ

*ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ ዕርቂ ከም ሓደ ከይዲ ወይ ዓርሱ ዝኸኣለ ሽቶ ተገይሩ ክውሰድ ይከኣል እዩ*

## ብርኽታት ዕርቂ

- ውልቃዊ ዕርቂ፦
- ዕርቂ ውልቀሰባት፦
- ማሕበራውን ፖለቲካውን ዕርቂ፦
- ትካላዊ ዕርቂ፦

# ከይዲ ዕርቂ መን ይፈፅሞ?

**ብመንገዲ ኮሚሽን ሓቂ፣ ፍትሕን ዕርቅን**

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ ዕርቂ ሓደ ሽቶ ከምምኻኑ ኣብዚ ኸይዲ ነዞም ተግባራት ክፍፅም ተባሂሉ ብዝተጣየሸ ኣካል ምፍፃሙ ውፅኢታዊ ይገብሮ
- እዞም ትካላት ካብ ዘለዎም ናፅነትን ዘይሸራውነትን ኣብ ከይዲ ስርሖም እውን ነቲ ማሕበረሰብ ዘሳትፉ ብምኻኖም ተኣማንነቱ/ቅቡልነቱ ልዕል ዝበለ ይኸውን
- በቲ ዓውዲ ፍሉጣት ዝኾኑ ሰብሞያን ኣመራርሓታትን ኣካል እቲ ትካል ብምግባር እቲ ስራሕ ብፍልጠት ክምራሕ የኽእል

**ስግኣታት**

- ብመንፅር ኣብ ዓዲ ዘሎ ወሱን ሃፍቲ ልዑል ወፃኢ ዝሓትት እዩ።
- ኮሚሽን ብምጥያሽ ነቶም ስራሕቲ ምስራሕ ተፈቲኑ ዘይተዓወተ ኣካይዳ ብምኻኑ ዳግማይ ተመሳሳሊ ትካል ንምጥያሽ ዝህለዎ ዕድል ትሑት ምኻኑ

# ከይዲ ዕርቂ መን ይፈፅሞ?

**መማረፂ ክልተ፡**

**ተግባራት ዕርቂ ብመንገዲ ኮሚሽን ሃገራዊ ዕርቂ ምክያድ**

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ሕዚ ዘለው ሃገራዊ ትካላት ብምጥቃም ዘሎ ወሱን ሃፍቲ ዓዲ ይቑጥብ
- ብመንፅር ዘይሸራውነትን ናፅነትን ዝሓሸ ተቐባልነት ኣለዎ።

**ስግኣታት**

- እቲ ኮሚሽን ልዑል ሓላፍነትን ሰፊሕቲ ተግባራትን ስለዝተዋህቡዎ ተግባራት ዕርቂ ብውፅኢታውነት ንምፍፃም ክፀገም እዩ
- እቲ ሕዚ ዘሎ ናይቲ ኮሚሽን ስልጣን ነዙይ ዘይሓቁፍ ስለዝኾነ ሕጊ ምምሕያሽ የደሊ እዩ፤ እዙይ ድማ ግዜ ይወስድ እዩ፣ ኣብ ኣካይዱኡ እውን ኮሚሽናት ምኽክር ፍልይ ዝበለ ስልጣን ዝዋሃቦም ስለዝኾኑ ምስ ዓለምለኸ ልምድታት ዝተሳነየ ናይ ዘይምኻን ፀገም ክህሉ ይኽእል እዩ
- ኣብ ከይዲ እቲ መሰጋገሪ ፍትሒ ዕርቂ ምስ ካልኦት ከይድታት ኣዋዲድካ ኣብ ምትግባር ክፍተት ክህሉ ይኽእል እዩ

መ

# ምሕረት፡ ብዛዕባ ቅድመ-ኩነታት ምሕረት

ቅድመ-ኩነታት (መለክዕታት) ምሕረት

ምሕረት ዘወሃብ ቅድመ-ኩነታት ምሕረት ዝማልአ እዩ።

- መጠን ተሳትፎ ፈፀምቲ ገበን
- ትሕዝቶን ክብደትን እቲ ዝተፈፀመ ገበን
- ሓቂ ምውፃእ
- ነስሓ/ጣዕሳን ይቕረታ ምሕታትን
- ምትሕብባር
- ሕገ-መንግስቲ ዓንቀፅ 28

# ከይዲ ምሃብ ምሕረት መን የካይዶ?

መማረፂ ሓሳብ፣

ምሕረት ብመንገዲ ኮሚሽን ሓቅን ዕርቅን ምሃብ

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ዕላማ ምሕረት ሓቂ ምውፃእን ዕርቂ ምስፋንን ከምምኳኑ መጠን ነዞይ ተባሂሉ ብዝተጣየሸ ትካል ምውሃቡ ዝበለፀ ውፅኢታዊ ይገብሮ
- በቲ ዓውዲ ፍሉጣት ዝኾኑ ሰብሞያን ኣመራርሓታትን ኣካል እቲ ትካል ብምግባር እቲ ስራሕ ብፍልጠት ክምራሕ የኽእል
- እዞም ትካላት ብዘለዎም ናፅነትን ዘይሸፈራውነትን ኣካይዶኦም እውን ማሕበረሰብ ዘሳትፉ ስለዝኾኑ ማሕበረሰብ ዝኣመነሉ ናብ ዘላቒ ሰላም ዝወስድ ምሕረት ክወሃብ ይገብር
- ፈፀምቲ ገበን ኣሚኖምሉ ኣብቲ ከይዲ ንኽሳተፉ ብምኽኣል ነቲ ስርዓት ሰግግር ቅልጡፍ ይገብሮ
- ምሕረት ድሕሪ ምውሃቡ እቶም መለከዕታት ምምልኦምን ቀፃልነት እቲ ምሕረትን ንምርግጋፅ ምቹው ብምኳኑ

**ስግኣታት**

- ብመንፅር ዘሎ ሃገራዊ ሃፍቲ ልዑል ወፃኢ ዝሓትት እዩ
- ኮሚሽን ብምጥያሽ ነቶም ስራሕቲ ምስራሕ ተፈቲኑ ዘይተዓወተ ኣካይዳ ብምኳኑ ዳግማይ ተመሳሳሊ ትካል ንምጥያሽ ዝህሉዎ ዕድል ትሑት ምኳኑ
- ብመንፅር ሰፍሓት እታ ዓዲ፣ ሰፍሓት እቲ ስራሕን እቲ ኮሚሽን ዝህልዎ ወሰን ግዜን ፀገም ተበፃሓይነት ክህሉ ይኽእል እዩ

# ከይዲ ምሃብ ምሕረት መን የካይዶ?

**መማረፂ ክልተ፡**

**በቲ ሕዚ ዘሎ መሓውር ኣወሃህባ ምሕረት ብምምሕያሽን ንከይዲ እቲ መሰጋገሪ ፍትሒ ብምጥቃምን ምሕረት ምሃብ**

**ጥንኩራት ጐንታት**

- **ኣብ ዓዲ ዘሎ ውሱን ሃፍቲ ይቑጥብ**
- **ትካላዊ ዓቕሚ ይሃንፅ**

**ስግኣታት**

- **ኣካይድኡ ብመንፈስ መሰጋገሪ ፍትሒ ዝተቐረፀ ስለዘይኮነ ውፅኢታውነቱ መጠራጠሪ እዩ**
- **ኣብ ከይዲ መሰጋግገሪ ፍትሒ ምሕረት ምሃብ ዘለዎ ሕልኽላኽ ተግባራት ንምስራሕ ዘኽእል  መሓውር ኣይኮነን**
- **ተኣማንነቱን ቅቡልነቱን ኣብ ሕቶ ዝኣቱ እዩ**
- **ፈፀምቲ ገበን እምነት ሃልዩዎም ኣብቲ ከይዲ ንኽሳተፉ ኣየኽእልን**

ሯ

# መትከሊ እግሪ

መትከሊ እግሪ

**እንታይ ዓይነት ስልትታት መትከሊ እግሪ ክትግበሩ ይኽእሉ?**

- ናብ ዝነበሮ ምምላስ
- ካሕሳ
- ዕግበት ኣእምሮ
- መፀገኒ
- ሓበራዊ ካሕሳ
- መዘክር

**ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት**

- እቲ ስርዓት መትከሊ እግሪ ሕጋዊ መሰርሕ ክህሉዎ ምግባር
- ብውልቀ ካሕሳ ዝወሃቦም ሰባት ምፍላይ
- ኣብቲ ስርዓት መትከሊ እግሪ ፈፀምቲ ገበን ሓላፍነት ዝወስዱሉ መንገዲ ምፍላይ
- ማዕኸን ገንዘብ ግዳያት ምጥያሽ

# ንስርዓት መትከሊ እግሪ መን ይመርሖ/የተሓባብር?



**ጥንኩራት ጐንታት**

- ከይዲ ምውሃብ መትከሊ እግሪ ንግዳያት ብውፅኢታውነት ተፈፃሚ ንኽኸውን ሕልኽላኽን ሰፊሕን መርሃ-ግበሪ ምቕራፅን ምትሕብባርን ዘሓትት ብምዃኑ ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ዓርሱ ዝኸኣለ ኮሚሽን ምጥያሽ ነቲ ስራሕ ዝበለፀ ውፅኢታዊ ይገብሮ
- እቲ ኮሚሽን ካልኦት ተግባራቱ እንትፍፅም መንነትን ኩነታትን ግዳያትን ፈፀምቲ ገበንን ተፈልዩን ተመዝጊቡን ዝተሓዝ ብምዃኑ እዚ መረዳእታ መትከሊ እግሪ ዘወሃቦም/ክወሃቦም ዝግብኦም ግዳያትን ናይቲ ክወሃብ ዝግብኦ መትከሊ እግሪ ዓይነትን መጠንን፣ መጠን ተሳትፎ በደልትን ንምውሳን እውን ስለዝኽእሎ ዝበለፀ ውፅኢታዊ ይገብሮ
- እዞም ትካላት ብዘለዎም ናፅነትን ዘይሽራውነትን ኣካይዶኦም እውን ማሕበረሰብ ዘሳትፉ ስለዝኾኑ ተኣማንነቱ ልዕል ዝበለ ይኸውን

**ስግኣታት**

- ብመንፅር ኣብ ዓዲ ዘሎ ውሱን ሃፍቲ ኮሚሽን ምጥያሽ ልዑል ወፃኢ ዝሓትት እዩ
- ኮሚሽን ብምጥያሽ ነቶም ስራሕቲ ምስራሕ ተፈቲኑ ዘይተዓወተ ኣካይዳ ብምዃኑ ዳግማይ ተመሳሳሊ ትካል ንምጥያሽ ዝህሉዎ ዕድል ትሑት ምዃኑ
- ፀገም ተበፃሓይነት ክህሉ ይኽእል እዩ
- መትከሊ እግሪ ንባዕሉ ዝሓቶ ብቕዓትን ዓቕምን (ንኣብነት መጠን ካሕሳ ምውሳን) ፍሉይ ብምዃኑ እቲ ኮሚሽን ተግባራቱ ንምፍፃም ዘኽእሎ ቁመና ዘይክህልዎ ይኽእል እዩ
- ዋኒን ካሕሳ ብመንፅር ኣብ ዓድና ዘለዎ ኣድላይነት እቲ ስልጣን ብግዜ ንዝተገደበ ኮሚሽን ምውሃብ ቀፃልነት ከይህልዎ ይገብር

# ንስርዓት መትከሊ እግሪ መን ይመርሖ/የተሓባብሮ?

መማረፂ ክልተ፡
ዋኒን ውልቃዊ ካሕሳ
በቲ ስሩዕ ስርዓት ሕጊ
ብኣብያተ ፍርዲ ክርአ
ምግዳፍ፣ ኣብ ዋኒናት
ሓበራዊ ካሕሳ ግቡእ
ምምሕያሽ ሕጊ
ብምግባር ብኮሚሽን
ሃገራዊ ምኽክር ወይ
ብኮሚሽን ሰብኣዊ
መሰላት ኢትዮጵያ
ንተግባራት ኣፈፃፅማ
ምሃብ መትከሊ እግሪ
ምዕማም

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ሕዚ ዘለዉ ትካላት ብምጥቃም ዘሎ ወሱን ሃፍቲ ዓዲ ይቑጥብ
- ትካላዊ ዓቕሚ ይሃንፅ፣ ቀፃልነት ክህሉ ይገብር
- ብመሰረት ሕጊ ፍታብሄር ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ንዝፈፀሙ ሰባት ውልቃዊ ተሓታትነት ክህሉ ብምግባር ውልቃዊ ሓላፍነት ብዝበለፀ የረጋግፅ

**ሰግኣታት**

- እቶም ትካላት ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ መትከሊ እግሪ ንምትግባር ዘድሊ ሕልኽላኽ ተግባራትን ክኽተሎ ዝግባእ መሳተፊይ ከይዲ ተኸቲሎም ንምስራሕ ዘኽእል ዓቕሚ የብሎምን
- መትከሊ እግሪ ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ተግባር ምስዝውዕሉ መንገድታት ምውዳድ መፀገሚ ይገብሮ እዩ
- ንተበደልቲ ብስሩዕ ስርዓት ሕጊ መትከሊ እግሪ ናይ ምርካብ መሰሎም ተግባራዊ ምግባር ኣብ ስሩዕ ግዜ እውን እንተኾነ ዝዕቅብ ስለዘኾነ ውፅኢታዊ ዘይክኾን ይኽእል እዩ
- ክልቲኦም ትካላት ልዑላት ሓላፍነታትን ሰፋሕቲ ተግባራትን ዘለዉዎም ስለዘኾኑ ስርዓት መትከሊ እግሪ ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ ክህሉዎ ብመንፅር ዘኽእል ልዑል ፀቕጢ ስራሕ ብዓወት ዘይክፍፅሙዎ ይኽእሉ እዮም
- ኩሎም ዋኒናት ብስርዓት ቤትፍርዲ ዘይክሓልፉ ስለዘኽእሉ ኣብ ሞንጎ ግዳያት ፍልልይ ክህሉ ይገብር

ሰ

# ትካላዊ ተሓድሶ (ምዕረያ)

ትካላዊ ተሓድሶ (ምዕረያ)

- ምምማይን ምፅራይን
- ካብ ስራሕን ካብ ሓላፍነትን ምስጓጉ
- ለውጢ ሕግን ኣሰራርሓን

# ተግባራት ትካላዊ ተሓድሶ (ምዕረያ) መን የፈፅሞም?

**መማረፂ ሓደ፥**

ለውጢ ትካላት ዘተግብር ናይ ምምማይ፣ ምፅራይን ካብ ስራሕ ናይ ምስጓጉን ስልጣን ዘተዋህቦ ዘይሽራውን ነፃን ዝኾነ ብምጥያሽ ነቶም ተግባራት ምፍፃም

**ጥንኩራት ጐንታት**

- እቲ ከይዲ ምፅራይ ብናፅነትን ዘይሽራውነትን ናይ ምፍፃም ዕድሉ የስፍሕ - ብምኻኑ እውን ቅቡልነቱ ይውስኽ
- ጣልቃ ምእታው ፖለቲካን ዘይስሩዓት ጉጅለታት ዓሌትን ብሔርን ንምክልኻል የኽእል
- ምስ ካልኦት መንገድታት መሰጋገሪ ፍትሒ ዘለዎ ልፍንቲ (ጥምረት) ዝበለፀ ውፅኢታዊ ይገብሮ

**ስግኣታት**

- ብመንፅር ዘሎ ወሱን ሃፍቲ ዓዲ  ካልእ ትካል ምጥያሽ ልዑል ወፃኢ ዝሓትት እዩ
- ኣብ ነባራዊ ኩነታት ዓድና ናይ ምምማይ ምፅራይን ስራሕ ብዓወት ንምፍፃም ዘኽእል ፖለቲካዊ ቁመና ዘይክህሉዎ ይኽእል እዩ

# ተግባራት ትካላዊ ተሓድሶ (ምዕረያ) መን የፈፅሞም?

መማረፂ ክልተ፣

ኣብ ውሽጢ ኩሎም ትካላት ናይ ምምማይ፣ ምፅራይን ካብ ስራሕ ናይ ምስጓጉን ሓላፍነት ዘለዎም ጉጅለታት ብምጥያሽ ነቶም ተግባራት ምፍፃም

**ጥንኩራት ጐንታት**

- ሕዚ ዘለዉ ትካላት ብምጥቃም ዘሎ ውሱን ሃፍቲ ዓዲ ይቑጥብ
- ትካላዊ ዓቕሚ ይሃንፅ፣ ቀፃልነት ክህሉ የኽእል
- ብዋንነት እቶም ትካላት ክስራሕ፣ ግቡእ ፖለቲካዊ ቁመና ክህሉዎን ክመፅኡ ዝኽእሉ ስግኣታት ኣብ ቀረባ ኮይንካ ብምፍላጥ መፍትሒ ንምሃብ ዝምቹ እዩ

**ስግኣታት**

- እቲ ከይዲ ብናፅነትን ዘይሽራውነትን ናይ ምፍፃም ዕድሉ የፃብብ፣ ፈተና ቅቡልነት ይፈጥሩ
- ኣብ ግዜ መሰጋገሪ ፍትሒ ክንዲ እቲ ዝድለ መጠን ዓለምለኻዊ መለክዕታት ብምምላእ ንምፍፃም ዓቕምን ድሌትን ዘይክህሉ ይኽእል
- ካብ ሓቀይና ምፅራይን ምስጓጉን ንላዕሊ ክፍተትን ጐንፅን ከየጋጥም ካብ ምስጋእ ዝተላዕለ ፖለቲካዊ ዋኒናት መሰረት ዝገበሩ ውሳነታት ናይ ምህላው ዕድሎም ይውስኽ

3

# ውሳነ ዘድልዩም ካልኦት ዋኒናት

❖ ወሰን ግዜ

እቲ መሰጋገሪ ፍትሒ ካብ መዓዝ ይጀምር?

መማረፂ ሓደ፣ ቅድሚ 1983 ዘለዉ እዋናት

መማረፂ ክልተ፣ ካብ 1983 ጀሚሩ

መማረፂ ሰለስተ፣ ካብ 1987 ጀሚሩ

መማረፂ ኣርባዕተ፣ ካብ 2010 ጀሚሩ

መማረፂ ሓሙሽተ፣

ንኽሲ ካብ 1987 ጀሚሩ፣ ንዕርቅን ዋኒናት ምትካል እግርን ሓበሬታን መርትዖን ካብ ዝተረኽበሉ ግዜ

## ኣብ መሰጋገሪ ፍትሒ ግደ ክልላት/ምምሕዳር ከተማታትን ባህላዊ ስርዓታት ፍትሕን

**ክልላትን ምምሕዳር ከተማታትን**

- ብመንግስቲ ፌደራል ኣብ ዝካየድ መሰጋገሪ ፍትሒ ጉልህ እጃም ክህሉዎም ክግበር እዩ
- ሓቂ ብምእላሽ፣ ኣብ ከይዲ ምሕረትን ዕርቅን ነቲ ስሩዕ ስርዓት ፍትሒ ምስ ባህላዊ ስርዓት ብምውዳድ ሰብኣዊ መሰላት ብዘኽበረ ምልክዑ ክፍፀም እዩ
- ባህላዊ ስርዓት ፍትሒ ኣብ ከይዲ መሰጋገሪ ፍትሒ ናይ ዝሳተፉ ትካላት ፀቕጢ ስራሕ ብምንካይ ጥራሕ እንተይኮነ እቲ ከይዲ ዘላቒ ሰላም፣ ፍትሕን ዕርቅን ብምምፃእ ዕዉት ክኸውን ኣስተዋፅኦ ይገብር


የቐንየልና!!!